# ዕድመ: Forum Flüchthtlingshilfe
## (ንስደተኛታት ብዛዕባ ዝግበር ሓገዝ ዘራኸብን ዘዛትይን መድረኽ)

**ን4ይ ጊዚኡ ዝካየድ ክፉት መድረኽ**

**ዓርቢ ዕለት 31 ነሓሰ 2018**
**ካብ ሰዓት 2 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ኽሳዕ ከባቢ ሰዓት 8 ናይ ምሸት**

**ቦታ፡- Kulturfabrik KAMPNAGEL, Jarrestraße 20, 22303 Hamburg- Winterhude**
**(ትካል-ባህሊ, ጎደና ያር ቁ. 20, ነቑጣዊ መምሪሒ ፖ.ቁ. 22303 ሃምቡርግ-ቪንተርሁደ)**

ሕጂ’ውን ዳግማይ ጊዚኡ ኣኺሉ! ንስደተኛታት ብዛዕባ ዝግበር ሓገዝ ዘራኽብን ዘዛትይን መድረኽ Forum Flüchtlingshilfe ንራብዓይ ጊዚኡ ንዕለት 31.08.2018 ክካየድ’ዩ። ኣብ ካምፐናግል (Kampnagel) ንኽትራኸቡን ሓሳብ ንሓሳብ ንኽትለዋወጡን፡ ንኽሪኻትኩም ብኽብሪ ንዕድም። ናይ’ዚ ዓመት ጭርሖና ኽም’ዚ ዝስዕብ’ዩ።

**„AN(GE)KOMMEN IN HAMBURG. Wie Integration gelingen kann.“**
**„ኣብ ሃምቡርግ ድሕሪ ምምጻእ፡ ዕዉት ምውህሃድ ኣብ ሕ/ሰብ ብኸመይ ክብጻሕ ከም ዝካኣል።“**

መድረኽ ሰዓት 2 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ብቐዳማይ ከንቲባ ኸተማ ሃምቡርግ ዶር. ፔተር ቸንቻር (Dr. Peter Tschentscher) ክኽፈት’ዩ። ዕዳጋ ንጡፋት ኣብ ዝበሃል „Markt der Akteure“፡ ብምሉእ ጊዚኡም ከምኡ’ውን ብኽፊል ዝዋስኡን ዝነጥፉን ብዙሓት ተሓጋገዝቲ ብዛዕባ ዝገብርዎ ኣበርክቶን ፕሮጀክታትን ከላልዩን ከቕርቡን’ዮም። ኣብ’ዚ ቦታ’ዚ ምስ ካልኦት ናይ ምዝርራብን ዝያዳ ሓበሬታ ናይ ምርካብን ዝህሉ ምቹእ ዕድል ተጠቀምሉ። ወይ ድማ መድረኽ ንጡፋት ኣብ ዝበሃል „Forum der Akteure“ ብምስታፍ፡ ኣብ ጉዳያት መንበር ኣባይትን ስራሕን ጉርብትናን ዘለኩም ተመኩሮ ምስ ኪኢላታት ተመያየጡ።

ሎሚ ዓመት’ውን ተሳተፍቲ ኹኑ! Forum Flüchtlingshilfe ብነጻን ንኹሉ ኽፉት ዝኾነን መድረኽ’ዩ።

ምሉእ ትሕዝቶ ብዛዕባ ዝካየድ መደብን ንተሳታፍነት ብዛዕባ ዝምልከት ሓበሬታን፡ ብቐጻሊ እናተሓደሰ ኣብ ዝቐርብ ኣብ’ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል፡- www.hamburg.de/forum-fluechtlingshilfe

ኣብ ዕዳጋ ናይ ንጡፋት (Markt der Akteure) ናይ ባዕልኹም መርኣዪ መቐሚ (Stand) ክትሕዙን ክህልወኩምን ትደልዩ ዲኹም? ምስ እትደልዩ፡ ክሳዕ ዕለት 30 ሓምለ 2018 ኣብ ዘሎ ጊዜ ኣብ’ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ተመዝገቡ፡- http://t.hh.de/10954886

እቲ መደብ ብቛንቋ ጀርመን’ዩ ዝካየድ። ብቛንቋኹም ዝትርጉምልኩም፡ (ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ሰባት) ዝዝረብ ዘበለ ብጽሑፍ ብምቕራብ ከምኡ’ውን ብቛንቋ ምልክት ጌሮም ዘረድኡ ኣስተርጎምቲ’ውን ኣብ’ቲ ቦታ ኽህልዉ’ዮም።

እዚ ዕድመ’ዚ ብቛንቋታት ዓረብ፡ እንግሊዝ፡ ፋርስ፡ ፈረንሳይ፡ ትግርኛ’ውን ኣብ መርበብ ሓበሬታና (ኢንተርነት) ሰፊሩ ይርከብ።

በጃኻትኩም ነዚ ዕድመ’ዚ ናብ ካልኦት ግዱሳት ኣመሓላልፍዎ። ዕለት 31 ነሓሰ 2018 ተሳቲፍኩም ክንርኤኩም ብሓጐስ ንጽበየኩም!

ኣኽበርትኹም ጉጅለ ኣዳላዊት መደብ ናይ
Forum Flüchtlingshilfe